ብተግባር ኣለና ንበል እንተሃሊና፡-

ህይወት ዘለዎ ፈለኽለኽ ክብል ክዛረብ

ካብ ሕማሙ ክፍወስ ብተግባር ክረባረብ

ይወናጨፍ ኣብ ባሕሪ ብሃገራዊት መርከብ

በረኻ ወጺኡ ይዘቲ ኣብ ጽላል ገረብ

ብብልሓት ብቃልሲ ይስገሮ ንሩባ መረብ።

ኣለኹ ይብል ህልውናኡ ብተግባር የረጋግጽ

ሓባራዊ መንፈስ ኣንጊሱ ሃሪሙ ንቕጽጽ

ብንቅሓት ጻህዩ ንፖለቲካዊ ድሕረት ምስ በለጽ

ህይወቱ ክኸፍል ኣዳልዩ ንህዝባዊ ቀረጽ

ይኹን ብእምነቱ ዘይዋገ ተባዕ ብዓል ሓቦ ቀበጽ።

እስከ ክኒዮ ክሲ ምውንጅጃል ኣለኹ ይበል

ቅኑዕ ርእይቶ ይሃብ፡ ዝሓሸ ርእይቶ ይቀበል

ሕሜታ ካብ ዘመሓድር ንሓድነት ደው ይበል

እንተሃልዩ ይሃሉ ካብዘይ ምህላው ይገላገል።

እወ እንተሃልዩ ኣብ'ቲ መስርዕ ቃልሲ

ንጹር ራእይ ዝወነነ ኣንፈት ህዝባዊ ደሞክራሲ

ብስቓይ ህዝቡ ዝግደስ መንገዲ ዓወት ሃንዳሲ

ውዲት ካብ ዝኣልም ሓበሬታ ክሃድን ካብ ዘምሲ

ይንቃሕ ይወደብ ይፍጠር ቀላሲ

ኣማቲ ተግባሪ ደኣምበር ኣይኹን ከሳሲ ኣፍራሲ።

ዓመት እናጸብጸብካ ዕድሜኻ ምቑጻር

ኣልቦ ፍረ ኣልቦ ሕብረት ምኽብባር

ውድብይ ውድብካ ኣልቦ ስነ-ሓሳብ ምውድዳር

ገዛ ዘየእቱ ሜዳ ተበለጽቲ ዝተኣኻኻይ ግንባር

ይኣክል ናይ ርእይቶ ሓድነት ዘይብሉ ብኣካል ምንባር።

20 ዓመት ኣካላዊ ሓድነት ኣልቦ ናይ እምነት ሓድነት
ናይ ሕሜታ ፖለቲካ ዝፈለለ ካብ ግልጽነት
ዝተተዐ ብበለጽ፡ ብጽበት፡ ብኣነነት
ድኽዒ ዝገበረ ንናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ግርህነት
ከይተበገሰ ይጭርሕ ህዝባውነት ሃገርነት
ኣብ ባይታ ግን ዘየርኢ ከም ኣብነት።

ስለዚ እንተሃሊና ብሓቂ ለውጢ እንተደሊና
ካብ ኣካላዊ ሓድነት ንገላገል፡ ይነጸር ራእይና
ሓሶት ሕሜታ ፖለቲካዊ ቅንጸላ ወጊድ ኢልና
ክኒዮ ኣፍ ብተግባር ኣብ መትከልና ጸኒዕና
ማሕበራዊ መሰረትና ኣነጺርና ሓይሊ ሓሳብ ኣቐዲምና
ሓባራዊ ስምምዓት ኣኽቢርና ብተወፋይነት ወፊርና
ካብ ህልዋት ዘይህልዋት ምኻን ድሒና
ብተግባር ኣለና ንበል እንተሃሊና።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 29-11-2017